
# መርገጺ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ
# ኣፍ-ደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት

Map 13




ብመሰረት ናይ 1900፡ 1902ን 1908ን ውዕላት፡ ዝጸደቀ ሕጋውን ኣህጉራውን ካርታ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን

ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ፡ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ'ቲ ኣብ ክሊ መበል 80 ዓመት ስሩዕ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብ26 መስከረም 2025 ኣብ ኒውዮርክ ዝተቓነዐ መበል 24 ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ዘይብለን ዘይማዕበላ ሃገራት፡ ኣብ ዘስመዮ መደረ፡ ኤርትራ ትብገሰሉ መትከላትን እትምርኰሰሉ መሰረትን ኣብ መንጎ ኣብ ምምዕል ዝርከባ ሃገራት ዝግበር ስልታዊ ዘይኮነስ ስትራተጅያዊ ምትሕግጋዝ ንምርግጋጽ እትኽተሎ ዕላማታትን ኣነጺሩ። ሚኒስተር ዑስማን ከም ዝገለጾ፡ ሓንቲ ሃገር ንበይና ተነጺላ በዓልቲ ጸጋ ክትከውን ከም ዘይትኽእል ብሩህ'ዩ። ምትሕግጋዝ ንምርጫ ጥራይ ዝቐርብ ዘይኮነ ኣድላዪ እውን'ዩ። እቲ ምትሕግጋዝ ኣብ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ልኡላዊ ማዕርነት፡ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሓንቲ ሃገር ጣልቃ ዘይምእታውን ዝተመስረተ ክኸውን ይግባእ።

ቀጺሉ ኣብ መደረ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ዝተገልጸ ሽዱሽተ መሰረታውያን ነጥቢታት ክቐርብ'ዩ፡-

1-ዝኾነት ሃገር ካብ ካልኦት ተነጺላ ንበይና ክትምዕብል ኣይትኽእልን እያ። ስለ'ዚ ኸኣ ምትሕግጋዝ ንምርጫ ጥራይ ዝቐርብ ዘይኮነ፡ ኣድላዪ እውን'ዩ። ነዚ ኸኣ ፕሮግራም Awaza ዘረጋግጾ'ዩ። ኣብ መንጎ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን

ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን መሻርኽቲ ጐረባብተን ኣፍደገ ባሕሪ ዘሎወን ሃገራትን ግብራዊ ናይ ልምዓት ሽርክነት ክህሉ ይግባእ። እንተኾነ ናይ ስራሕ መደባት ክዕወት እንተኾይኑ፡ እቲ ምትሕግጋዝ ኣብ ኣህጉራዊ ሕግታት፡ ማዕርነት፡ ሉኣላውነትን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ዘይምእታውን ዝብል መትከላት ክምርኰስ ይግባእ።

2-እንተ ደኣ ሉኣላውነትን ኣህጉራዊ ሕግን ዘይክበር ኮይኑ፡ ስርዓተ ትራንዚትን ምንቅስቓስን መጓዓዝያን ክመጽእ ኣይክእልን እዩ። ሓቀኛ ምትሕግጋዝ ብምትእምማን እምበር፡ ብምፍርራህ ኣይረጋገጽን። ምትእምማን ድማ ሃገራት ናጽነታተንን መሬታዊ ሰላመንን ምስ ዘኽብራን ሓባራዊ ተማእዛዝነተን ምስ ዘረጋግጻን ዝመጽእ እዩ።
3-ኤርትራ ከም መጠን ኣፍደገ ባሕሪ ዘሎዋ ሉኣላዊት ሃገር፡ ወደባታ ዘይፍለ ኣካል ሃገራዊ ሉኣላውነታ ምዃኑ ተረጋግጽ። ስለዚ ኸኣ ንንግዳዊ ይኹን ሎጂስቲካዊ ክትጥቀመሉ ምስ እትደሊ፡ ብቐጥታ ብ'ኽልተኣዊ ኣገባብ ኣብ መንጎ ኤርትራን እታ መሻርኽትን ክትዛተየሉ ዝግባእ ጉዳይ እዩ።

4-ወደባት ኤርትራ ህላወ ወጻኢ ወተሃደራዊ ሓይልን ምቛም መዓስከር ሓይሊ ባሕርን ዘሳስዩ ኣይኮኑን። ስለዚ ኸኣ መንጎኛነት ሓይልታት ወጻኢ ሕጋውን ፖለቲካውን ተቐባልነት የብሉን።

5-ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ኣገልግሎት ክትሓትት እንከላ፡ ናይ ሳልሳይ ወገን መንጎኛነት ዘድልዮ ኣይኮነን። ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ስምምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕጊ ባሕርን ኣህጉራዊ ውዕላትን ኣፍደገ ባሕሪ ዘሎወን ሃገራት፡ ሉኣላዊ ዋንነት ወደባተን ዘረጋግጽ እዩ።

6-ኤርትራ እትደልዮ ካብ ተለዋዋጢ ምድላዋት ናብ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ዓይነታዊ ምስግጋር ምዃኑ ትኣምን እያ። ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለንን ኣፍደገ ባሕሪ ዘሎወንን ሃገራት፡ ኣብ ነንሓድሕደን ከይተፈላለያ ዝነጥፋሉ ኩነታት ምርግጋጽ እዩ። ኣብ ሓባራዊ ረብሓታተንን ጥቕምታተንን ሰሚረን ክሰርሓ ይግባእ። ብሰላምን ግስጋሰን ሓቢረን ክምእዘዛ ድማ ይድለ። በዚ መዳይ`ዚ ኸኣ ዞባዊ ምትሕግጋዝ ምሕያል ኣድላዪ ጉዳይ እዩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ኣብ መደምደምታ መደረኡ፡ ኤርትራ ንልኡላውነታ ዝሃሰሲ ግዳማዊ ምትእትታው ከም እትነጽግ ኣፍሊጡ። ኣገልግሎት ወደባት ኤርትራ ንግዳዊ ንጥፈት እምበር ንፖለቲካዊ ወይ ወተሃደራዊ መዓላ ከም ዘይኮነ ኣገንዚቡ። ኤርትራ ብርትዓውን ማዕርነታውን

**ኣገባብ ንንግዳዊ ሽርክነት ቅርብቲ ከም ዝኾነት፡ ወደባታ ሕጋዊ ንግዲ ንምእንጋድ ድልዋት ከም ዘለዉ'ውን ኣብሪሁ።**

11 **ጥቅምቲ** 2025